# ቁልዕነትን ዕሽነትን

ቁልዕነትን ዕሽነትን
ናበይ ኢልክን፣ ናበይ ኢልክን፣
ምጥዓሙ እቱ ጸወታኽን!
ናበይ ደኣ ሸኹልክን?
ዘይትጽበያኒ እንታይ ኼንክን?
ሓዲግክናኒዶ ኼድክን!

ቁልዕነትን ንእስነትን
ኪዳ በላ ካብ ጨከንክን፣
ዝነኣሱ ካብ ረኺብክን፣
ኣይትጸበያኒ ደው ኢልክን፣
ቀስ ኢለ ኽደልየክን
ምስ ኣረግኩ ኽርክበክን...

ገ/ኢ. ጐርፉ።